(Tigrinya)


# BUFFALO PUBLIC SCHOOLS

**Office of the Superintendent**
**65 Niagara Square Room #712 City Hall**
**Buffalo, New York 14202**
**ስልኪ (716) 816-3575**
**ፋክስ (716) 851-3033**
**TMWilliams@buffaloschools.org**

**Dr. Tonja M. Williams**
**ግዚያዊ ኣማሓዳሪት ናይ ቤት ትምህርትታት**


ሜይ 26, 2022

ዝኸበርኩም ናይ Buffalo Public Schools ማሕበረኮም፣

ደህንነት ናይ ተምሃሮና፣ መሳለጥያታትና፣ ሰራሕተኛታትናን ስድራ ቤታትና እቲ ቀዳማዊ ስፍራ እንህቦ ጉዳይ እዩ። ንደህንነት ናይ ማሕበረኮምና ንምሕላው ነቲ ዘድሊ ስጉምቲ ኹሉ ንወስድ ኣሎና።

ንደህንነት ናይ ቤት ትምህርትታትና ኣመልኪቱ ዘስማዕኩሞ ካብ ልቢ ዝመንጨወ ስግኣታት ከም ዝሰማዕናዮ ከነፍልጠኩም ንደሊ። ብርክት ንዝበሉ ናይ ኣሃዝ ነጥብባት ገምጊምና፣ ኣብ ውሽጢ ህንጻታትና ተወሳኺ ናይ ሓለዋ ስጉምትታት ከም ዘድልዩ ፈሊጥና ኣሎና። ኣብ ውሽጢ ማሕበረ ኮምና ሓላሎ ናይ ፍርሕን ጭንቀትን ምንጭታት ይርከቡ። ናይ ኮቪድ-19 ናይ ሕማም ቁጽሪ ምብርካት፣ ዓብላሊ ዝኾነ ጎነጻት-የነድሮ ዘሎ ናይ ማሕበራዊ ሜድያ ንጥፈታት፣ ኣብ ቀረባ እዋን ብዓሌታውነት ምኽንያት ኣብ Jefferson Avenue ዝተፈጸመ ናይ ብዙሓት ሰባት መቕተልቲን ኣብ Uvalde፣ Texas ኣብ ዝርከብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ዝተፈጸመ ምኽንያት-ኣልቦ መቕተልቲ ናይ 19 ቀለውዕን ክልተ መምሃራንን። ብዘይጥርጥር፣ እዞም ፍጻመታት ኩሎም ኣብ ቤት ትምህርትታትና ጭንቀት ይፈጥሩ ኣለዉ። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ኣብ ዲስትሪክና ኣብ ዝርከቡ ህንጻታት ኩሉ ናይ ምእታው ገደባት ንገብር ኣሎና።

ንኹሎም ኣኼባታትኩም፣ ኣብ ክንዲ ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ ህንጻ መጺእኩም ብኣካል ትገብሩዎ፣ ከም Zoom፣ Webex ወይ Teams ኣብ ዝኣመሰሉ ናይ ኦንላይን ባይታታት ንኽትከብሩዎ ነተባብዕ። ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣኼባ ንኽትገብሩ ፍቓድ ንክውሃበኩም እንተ ሓቲትኩም፣ ልክዕ ተምሃሮና ናብ ቤት ትምህርትታትና ክኣትዉ ኸለዉ ዝግበረሎም ናይ ሓጺን ዘንጊ ተፍታሽን/ ወይ ናይ ፍተሻ መስርሕ ክትሓልፉ ከም ዝኾንኩም ከነፍልጠኩም ንደሊ።

ኩሎም ናይ መወዳእታ-ዓመት ስነ ስርዓታት ከም ልማዱ ምስ ተወሳኺ ናይ ደህንነት ስጉምታት ክካየዱ ከም ዝኾኑ ክንሕብረኩም ንደሊ።

ምስ ኣኽብሮት፣

Dr. Tonja M. Williams,
ግዝያዊ ኣማሓዳሪት ናይ ቤት ትምህርትታት

*"ንቀለውዕን ስድራ ቤትን ብምቕዳም ልዑል ኣካዳሚካዊ ዓወታት ንኹሉ ምርግጋጽ"*